# መዘከርታ ኢያሱ

ምቕናስ ምክፋል ኩሉ ኣጋጢሙ
ዝስጉም ሰጕሙ ዝጠልም ጠሊሙ
ግና ምብዛሕ ምድማር ንኹሉ ፈንጢሑ
እነሆ . . . . ኣብዚ ተበፂሑ።

ክትብል ሰሚዐካ በቲ ጥዑም ቃልካ
እንታይዳኣ ኾይንካ ቃልካ ዘየኽበርካ
ባዕልኻ ቀኒስካ።

ኢያሱ . . . ኢያሱ . . .
ኣይኣመሉን ኣይጠባዩን ንሱ
ካብዝፈትዎ ህዝቢ ክፍለ ብነብሱ።

ትርግታ ልቢ
ናይቲ ክቡር ህዝቢ
መርሚርካ ኣስተውዒልካ
ብየማነ ፀጋም ብኹሉ ሓሲብካ
ናይ ትማሊ ኹሉ ብንፁር ገምጊምካ
ዕላማ ነፂርካ ንቅድሚት ኣሚትካ።

ብሓደ ኢድ ብረት ብሓደ ብዕርኻ
ቃልሲ ምስ ጀመርካ ፈለማ ኣብ በረኻ
ብኪነ ጥበባዊ ውህብቶ ሞያኻ።

መግዛእቲ ህዝብኻ በደላቱ ኹሉ
ከጥምት ክሓስብ ክርኢ ኣስተውዒሉ
ክለዓል ብትረት ቀላፅሙ ኣልዒሉ
ኣብ ትሕቲ ውድቡ ክጥርነፍ ዓሲሉ
ግደ ተጻዊትካ ናይ ባዕልኻ እጃም
ቃል'ቶም ጀጋኑ ከይዓብር ፍፁም
ሕድሪ ቃል ኪዳኖም ክተርር ክሰጥም።

ኣየናይ ኣልዒለ ኣየናይ ክገድፎ
ናይ ሞያኻ ሓይሊ ናይ ጥበብካ ቆፎ

ነቲ ኹሉ ዓመት ህዝባዊ ተጋድሎ
በረኻ ሸንጥሮ ኣብ ኵናታት ውዕሎ
ፅንዓት ተጋድሎኻ ወነ ዘጸንበሎ
ቲ'ጨፍጫይ ሥርዓት ፈረኽረኽ ዘበሎ።

ብብረታዊ ቃልሲ ዓወት ምስተዓትረ
ብሄራዊ ጭቆና ምስተሰባበረ
እፎይ እንከይበልካ ኣብ ልምዓት ጎደና
ምስ ድኽነት ሕልኮ ግብግብ ፈተና
ሕማም ተሳዒሩ ክርከብ ጥዕና
ትምህርቲ ገፊሑ ምጥፋእ ድንቁርና።

ቃላት ሓሪኻ
ነጺርካ ዕላማ'ኻ
ድምጽ'ኻ ቓኒኻ
ብቐስቃሳይ ግጥሚ መሳጣይ ዜማ'ኻ
ቀሊል ኣይነበረን ሓያል ተዋሲእኻ።

ነቲ ኣቦ ቃልሲ ታሪኻዊ ውድብ
ብሓዲሽ ወለዶ ክጥንክር ክሕብሕብ
ብህይወት ዘለዉ ደቂ ህዝቢ ኹሎም
ውፉይ ሓርበኛታት ኣካል ዝጎደሎም
ናይቶም ዝሓለፉ ቃልኪዳን ሓንጊጦም
ህይወቶም ዝሃቡ ክንዲ ቤዛ ህዝቦም
ጋህዲ ክኾን ልምዓት ሓቂ ክኾን ሕልሞም
ቃሎም ኣጋዊሕኻ
ኣብ መድረክ ወጺእኻ።

ክንደይ ኢልካ ክዝርዝር ናትካ ፍፃመታት
ኣብ ኹሉ ትርከብ ኣብ ኵናት ኣብ ልምዓት
ትገጥም ትዘይም ተሳልጥ መደባት።

ኣይሞተን ኢያሱ ህያው ኢዩ ንሱ
ኣብ ቃልሲ ዘለዉ ቅድሚት ዝግስግሱ
ናይ ትምክሕቲ ሓጹር ዝጥሕሱ ዘፍርሱ
ለይትን ቀትርን ጻዕሪ ሓንሳዕ ዘይድቅሱ

ኣብ መስመር ዘለዉ ዓወታት ከሓፍሱ
ሕድሪ ተረኪቡ ካብቶም ደም ዘፍሰሱ
ኣረኪቡ ከይዱ ነሽሓት ኣውሪሱ
ኣረኪቡ ከይዱ ነሽሓት ኣውሪሱ።

ብሰለሞን ኣጽብሃ
ካብ ቦስተን ማሳቹሴትስ